# መቕድም

## ስለምንታይ እዛ መጽሃፍ እዚኣ?

ንሓንቲ ስፍራ ዝኸውን እኽሊ ኣብ ቆፎ ይዕቀብ፡ ንሓንቲ እንዳ ኣብ ማዕከን፡ ንሓደ ዉሁብ ሕብረተሰብ ወይ ህዝቢ ዝኣክል ከኣ ኣብ ሪቕ ይኽዘን።

ብተመሳሳሊ ካብ ዝሓለፉ ናይ ቃልሲ ወሎዶታት ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ፡ ነፍሲ-ዘከፍ ወዲ ሃገር፡ ብፍላይ ከኣ እቲ ብቐጥታ ይኹን ብተዛዋሪ ኣብ መስርሕ ቃልሲ እጃም ዘበርከተ ኩሉ፡ ናይ ውልቁ ቆፎ ተዘክሮታት ወይ ታሪኽ ኣሎዎ። ይኹን`ምበር ከምቲ ኣብ ቆፎታትን ማዕከናትን ተዓቂቡ፡ ካብ ግቡእ ግዜኡ ንላዕሊ ዝተከዘነ እኽሊ ኣደዳ ነቐዝ ዝኸውን፡ ፈቐዶኡ ተዓቂቡ ዘሎ መስተንክር ዝመልእ ታሪኽና`ውን ተመሳሳሊ ዕድል ከጓንፎ ኣብ ጫፍ ደልሃመት ዝሎ ኰይኑ ይስምዓኒ። ምኽንያቱ ድማ ሓያሎ ኣርካናትና፡ ማዕከናት ታሪኽና ብሕቱሙ ከይተኸፍተ ሒዞሞ ብሞት ይፍለዩና ስለ ዘለው። እቲ ዝምልከቶ ኣካል ባዕሉ ስጉምቲ ይውሰደሉ ኢልካ፡ ኢድካ ኣጣሚርካ ትም ምባል ከኣ፡ ንነቐዝ ባልዕን ዕድል ምሃብ ስለ ዝኾኑ፡ ብወገነይ ብቑዕ ምኽንያት ኣይመስለንን።

ዳሕረዋይ ክልተ ወሎዶ፡ መዘና ዘይብሉ ናይ መኸተ ታሪኽ ሰሪሑ ናጽነት ኣጎናጺፉ እንሆ። ብደምን ኣዕስምቲን ብሉጻትና ዝተነድቀ መስተንክራት ዝመልአ ታሪኽና እንተ ዘይተወሪቑ ግን፡ ክውን ታሪኽ ከም ዘይተሰርሐ፡ ብኣፍ ዝንገር ናይ ደቂ ሕድርትና ጽውጽዋይ ኰይኑ ክተርፍ ኢዩ። ደቅናን ደቂ ድቅናን ድማ ጽውጽዋይ ኢዮም ክወርሱ።

ካብ ነዊሕ ዘመናት ኣትሒዙ፡ ዝተፈላለዩ ገዛእቲን ሓያላትን ነዛ ንእሽቶ ሃገርና ከመናጠሉላ ዝተጓየዩን ዝጓየዩ ዘለውን፡ ንጀግራፍያዊ ኣቀማምጣና ጸጋታትናን ስለ ዝሃረፍዎ ጥራይ ኢዮም። እዛ ፍትሒ-ኣልቦ ዓለምና ገጸ-ባህርያታ ክሳብ ዝመዓራረ ከኣ መኸተናን ታሪኽናን ቀጻሊ ኢዩ ክኸውን።

እሞ መኸተና ቀጻሊ ካብ ኰነ፡ ደቅና ኣብ እንታይ ታሪኽ ተመኲሶም ኢዮም መኸቶኦም ከጽንዑ። “መኸተኻ ተረከብ” ማለት እኮ “ታሪኽካ ተረከብ” ማለት ኢዩ።

እቲ ብኣለምሰገድ ተስፋይ እናተለቐመ ዝጸሓፍ ዘሎ ናይ ኣቦታትና ታሪኽ፡ ነቲ ክጽሓፍ ንጽበዮ ዝቕጽል ታሪኽና ግሩም ድሕረ-ባይታ ይኾኖ ኣሎ። ስለ ዝኾነ ድማ ኢያ ነዛ እሽንኳይዶ ቆፎ ታሪኽ፡ መንጠቢት እውን ዘይትኣክል ቍንጣሮ ተዘክሮታተይ ከኾትም ዝተበገስኩ።

“ኣነ” - ነታ ብቃልሲን ብባህሊን ዘይትተባባዕ “ኣነ” - ኮነ ኢለ ጥሒሰያ ኣለኹ። ይኹን`ምበር ኣብዛ መጽሓፈይ ነታ “ኣነ” ትብል ቃል፡ ኣካል “ንሕና” ከም ዝኾነት

ከብርህ ፈቲነ ኣለኹ። ኣብ ባህልና “ኣነ” ንጃህራን ትምክሕቲን ዝጥቀመላ ሰብ፡ ኣነነቱ ዘይፈልጥ በሃም ኢዩ። “ ኣነ ንሃገረይ”፡ “ ኣነ ንመስዋእቲ”፡ “ ኣነ በጃ ህዝበይ”፡ ንዝብል ግን ከሳብ ሕጂ “ ኩሉ ከማኻ ይኹን” ክንብል ጸኒሕናን ንብሎ ዘሎናን ኢዩ።

“ንሕና” ትብል ኣምር፡ መተካእታ ዘይብላ መርሃ-ጽንዓት፡ መርሃ-ጥምረት፡ መርሃ-ዓወት ኢያ።

ህዝቢ ኤርትራ “ ንሕና” ስለ ዝበለ ከኣ መስተንክር ሰሪሑ፡ ኮሪዑን ተሓቢኑን። ትማሊ “ ንሕና”፡ ሎሚ “ንሕና”፡ ጽባሕም`ውን “ንሕና” ኢና። ከም ህዝቢ ኤርትራ ገይሩ “ንሕና” ዝበለ ህዝቢ ከኣ ኣዝዩ ውሑድ ኢዩ።

እዛ ንእሽቶይ መጽሓፈይ እምበኣር፡ ብምቕሉል “ኣነ” ትትርኽ ኣንተ ኰነት፡ ብኩለንትናኣ “ንሕና” ኢያ ትብል። “ኣነ” ስኣን ምባል ታሪኽና ኣብ ጽውጽዋይ ዝቐየር እንተ ኰይኑ፡ ኣብዚ ሕጂ ዘሎናዮ ሓድሽ መድረኽን ዘመንን፡ “ኣነ” ዘይንብለሉ ምኽንያት ዘሎና ኣይመስለንን እብል።

ታሪኽ ውድባት ቃልሲ ኤርትራ፡ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ። ትሕዝቶ መጽሓፈይ ከኣ ከም ኣርእስቱ፡ ሕፍንቲ ወይ ዕማኾ ናይቲ ዓቢ መኽዘን ወይ ሪቕ ታሪኽና ኢዩ።

መጽሓፈይ ናይ ልቢ-ወለድ ወይ ፈጠራ ትሕዝቶ ፈጺሙ የብላን። ብምሉኡ ኣብዛ መጽሓፍ ሰፊሩ ዘሎ ዕላል ይኽን ሓበሬታ ምስ ዓመተ ምህረቱ፡ ኣብ ጒዕዞ ህይወተይ ዘጓነፈንን ዝተመኲርኩዎን ሓቀኛ ተዘክሮታተይን ተዘክሮታት መሰልተይን ኢዩ። ብዓቢኡ ከኣ ታሪኽ ዘለውን ዝሓለፉን ኣያታተይ። መሳቶይ፡ ንኣሽቱ ኣሕዋተይን ኣሓተይን ኢዩ።

ብተወሳኺ ነዛ መጽሃፍ ከሳብ መጀመሪያ 80ታት ጥራይ ገይረ ክዛዝማ ግድን ኰይኑኒ። ምኽንያቱ ከኣ ክንዩኡ ምኻድ ነታ መጽሓፍ ዓባይ መጽሓፍ-ሰንከሳር ስለ ዝገበራ፡ እቲ ዝተረፈ ቅድመ-ናጽነትን ድሕረ-ናጽነትን ተባሂሉ ንዳሕራይ ድርብ ዕማም ምግዳፉ ይሓይሽ ኢለ። ዕድመን ጥዕናን ሂቡኒ ክቕጽሎ ድማ እትስፎ።

ካብ 50ታት ጀሚረ ኣብዛ መጽሓፍ ኣስፈርዮም ዘሎኹ ተርእዮታትን ክዉንንነታትን፡ ብቅደም ተኸተል ሒደት ካብ ቅድመይ ዝነበረ ወለዶ ክከውን ከሎ፡ እቲ ዝሰፍሃን ዝዓበየን ክፋሉ፡ ኣብ ናተይ፡ ናይ መሳቶይን ብድሕረይ ናይ ዝመጸ ወለዶን ኢዩ። ኣተኲሮይ ድማ መብዛሕትኡ ኣብቲ ኣብ ትሕቲ ጸላኢ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ኤርትራ ድማ 06 ምስ 09 ኰይኖም ዝኣልዩዎ ዝነበሩ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን፡ ብመጠኑ ከኣ ኣብ ወጻኢን ዝካየድ ዝነበረ ናይ ኣባላት ሓፋሽ ውድባት ስዉርን ቅሉዕን ቃልሲ ኢዩ። እዚ`ውን ኣንተኾነ፡ ነቲ ካልእ ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ገደናታቱን ዝካየድ ዝነበረ 06ታት 09ታት ዘይሕውስ፡ ኣዝዩ! ኣዝዩ! ውሱን ሕፍንቲ ጥራይ ደኣ`ምበር፡ ናይ ኩሉ ተኣኪቡ እንተ ዝውረቕሲ፡ ቀለምን ወረቐትን ዝኣኽሎ ኣይመስለንን።

ኣብ ጽሑፈይ ኣስማት ብዙሓት ህልዋትን ስውኣትን ጠቒሰ ኣለኹ።  ብተወሳኺ ብጸላኢ ናይ ዝተቐንጸሉ ሃገራውያን ኣሳእል ገለ ውሑድ ኣስፊረ ኣለኹ።  እዚ እውን ናይቶም ክረኽቦ ዝኽኣልኩ ጥራይ ከም ዝኾነ ኣንበብቲ ክትግንዘቡለይ እሓትት።  ክትርኾ ዝፈተንኩ "ተዘክሮታት" ደኣ`ምበር "ታሪኽ" እውርቕ ስለ ዘየለኹ፡ ጎደሎ ምኻኑ ኣነ`ውን እፈልጥ እየ።  እቲ ዝርካቡ ዝምቡዕ ትረኻ ከይህሉዎ ከኣ፡ ዝምልከቶም ሓለፍቲ ነበርን ገለ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መድረኽ ዝዋስኡ ዝነበሩ ህሉዋት ኣባላትን፡ ርእይቶን እርማትን ከም ዝገበሩሉ ከብርህ እደሊ።

ይኹን`ምበር ገለ ህሉዋት ብጾት ይኹኑ ፈልጦ፡ ኣብ ክፋል ተዘክሮታተይ ገለ ኣበር ዝረኸቡሉ ስለ ዘይስኣኑ፡ ብዕቱብ ሓልዮት መኣረምታኦም ብጽሑፍ ክህቡኒ እላቦ።

ስለዚ ካብ ሳርማታት ጀሚርካ ኩሎም ቆፎታትን ማዕከናትን ይተኣከቡ። ይተኣከቡ ማለት ከኣ ብተበግሶ ውልቀሰባትን ጉጅለታትን ይጸሓፍ ማለት ኢዩ።  እዚ ምስ ተገብረ ጥራይ ኢዩ እቲ ዓቢ ሪቕ ዝመልእ።  ግዜኡ ከኣ ትማሊ ኢዩ።

ደራሲ
ተኪኤ በየነ